ማእከል ምርምር ሕርሻ ሑመራ ብናይ መደበኛ በጀት ካብዚ ንታሕቲ ዝተገለፁ ሕድሕድ ሎት ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ጥሪ 25, 2007 (ልዕሊ 11 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: የካቲት 16, 2007 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:0
- ቦታ:ሑመራ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:0
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጳጉሜን 5, 2005 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ምግብን መስተን/ ናይ ሕክምና ኣቁሑት/ መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ናይ ቢሮ አቁሑት/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ማእከል ምርምር ሕርሻ ሑመራ ብናይ መደበኛ በጀት ካብዚ ንታሕቲ ዝተገለፁ ሕድሕድ ሎት ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ በዚ መሰረት ካበዚ ንታሕቲ ዝተገለፁ ረቆሒታት ብምምላእ ተጻሒፆ ዝቐረበ ዝርዝር መሰረት ናይ ጨረታ ሰነድ ካብ ኢንስቲትዩት ምርምር ሕርሻ ትግራይ ቢሮ ቁፅሪ 09 ጨረታ ሰነድ ብምዕዳግ ትጫረቱ ክምትኽእሉ ነፍልጥ::

ሎት 1 ናይ ሕርሻን እንሰሳ መገልገሊ መሳርሒ ኣቑሑት

ሎት 2 ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቑሑት

ሎት 3 ናይ ፅሕፈት መሳርሒ

ሎት 4 ናይ እንስሳ መድሓኒት

ሎት 5 ናይ እንስሳ ምግቢ

ሎት 6 ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቁሑት

ሎት 7 ናይ ምርምር መሳርሒ ኣቁሑት

01 ብተመሳሳሊ ስራሕ ዝተሃደሰ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎ ኮፒ ከቕርብ ዝኽእልን ኣብ ናይ መቕረባይ ዝተመዝገበን ግብሪ ዝኸፋልሉ ምስክር ወረቐት ኮፒ ከቅርብ ዝክእል::
02 ናይ ጨረታ መትሐዚ ንሎት 1 (ሐደ) 18000 (ዓሰርተ ሸመንት ሸሕ) ብር ንሎት 2 , ን ንሎት 3 5000 (ሐሙሸተ ሸሕ) ብር ንሎት 4 , ን ንሎት 5, ንሎት 6 , ን ንሎት 7 ብር 2, 000 (ክልተ ሸሕ) ብር ብኢንስቲትዩት ምርምር ሕርሻ ትግራይ ዝተሰርሐ CPO ከትሕዙ ይግባእ::

03 ተጫረቲ ናይ ተወሳኪ እሴት ታክሲ (VAT) ተመዘግብቲን ናይ ወርሒ ታሕሳስ 2007 ዓ/ም ዲክለር ዝገበርኩምሉ መረዳእታ ፎቶ ኮፒ ኸቕርቡ አለዎም::

04 ተጫረቲ ማእከል ምርምር ሕርሻ ሑመራ ዘዳለዎ ፎርሚ ብትካሎም ሸም ቃለ መሓላ ፈሪሞም ከቅርቡ አለዎም::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

05 እቲ ጨረታ ብክልተ ኢንቨሎፕ ተዓሺጉ ክቐርብ ዘለዎ እንትኸዉን ዋንኡ ኦርጀናል ምስ ኮፒ ሰነድ ናይቲ ትካለ በዓል ስልጣን ፈሪሞምን ማሕተምን ክህልዎ ይግባእ ናይ ንግዲ ፈቓድ ቲነ ዝተመዝገቡ ቃለ መሓላ ናይ ኣቅራባይ ምዝገባ ምስክር ወረቐት CPO ወዘተ ዘድሊ ሰነድ ብኦርጅናል ዶክመነት ከትሓሕዝ አለዎ::

06 ሰነድ እቲ ጨረታ ኣብ ኢንስቲትዩት ምርምር ሕርሻ ትግራይ ቢሮ ቐፅሪ 09 ዘይምለስ 20 (ዕስራ ብር) ከፊሎም ብምዉሳድ አብ ዝተዳለወ ሳፁን ምእታዉ ይኽእሉ ከምኡዉን ተጫረቲ ብዘቕርብዎ ናይ መወዳደሪ ሓሰብ ሽምን ፊርማ ኣድራሻን ክግልፁ አለዎም::

07 ጨረታ ከተዓናቕፆ ዝሞከሩ ተጫረቲ ካብቲ ረታ ወፃኢ ከም ዝኾኑ ንዘትሓዝዎ ዉሕስና መኽበሪ ጨረታ ኸምዝዉረስን ንቐፃላይ ጨረታ ከይሳተፍ ይግበር::

08 ተጫረቲ አብ ጨረታ ሰነድ መብርሂ ወይም ናይ ምምሕያሽ ሕቶ እንተሃሊዎም ቕድሚ ካብ ዝተወሰነ ግዜ ገደብ ብስልኪ ቐፅሪ 03 48 489012 / 03 48 409702 ክሓቱ ይኽእሉ::

09 ጨረታ አብ አየር ዝፀንሐሉ ካበ ዕለት 25 /05 /2007 ዓ/ም እስካብ 16 /06/ 2007 ዓ/ም ኾይኑ ዕለት 16/ 06/ 2007 ዓ/ም ሰዓት 4:30 ተጫረቲ ወይም ድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ኢንስቲትዩት ምርምር ሕርሻ ትግራይ ቢሮ ቐፅሪ 09 ይክፈት ይኹን እምብር ተጫረቲ ጨረታ ኣበ ዝኽፈተሉ ጊዜ እንተዘይተረኪቦም እቲ ጨረታ ካበ ምኽፋት ኣይትኣጎልን ::

10 ማእከል ምርምር ሕርሻ ሑመራ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ጨረታ ብምሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle